# ባቡርን ኣውቶቡስን

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ኣዝዩ ብጽቡቕ ዝማዕበለ(ዝተሃንጸ) እዩ። ዳርጋ ኩለን ከተማታት ብባቡር ወይ ብኣውቶቡስ ክብጽሓ ይኽእላ እየን። ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሰዓት ዘኽብርን ብስሩዕ ናይ ግዜ ፍልልይ ዝንቀሳቐስን እዩ ።

## ህዝባዊ መጉዓዝያ

ህዝባዊ መጓዓዝያ (ÖV) ኣብ ስዊዘርላንድ ኣዝዩ ኣገዳሲ(ኣድላይ) እዩ። ዳርጋ ኩለን ከተማታት ኣብ ሰዓት ብተደጋጋሚ ክብጽሓ ስለ ዝኽእላ፡ ብዙሓት ተጓዓዝቲ ብባቡር ወይ ብኣውቶቡስ እዮም ዝጐዓዙ። እቲ ግዕዞ(ዋጋ) ብተዛማዲ ክቡር እኳ እንተ ኾነ ገንዘብ ክትቁጥበሉ እትኽእል ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ግና ኣሎ። ንኣብነት ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ቲኬት ወይ ናይ ሕሱር ዋጋ ቲኬት ምዕዳግ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብተዛማዲ ክቡር ዘይኰነ ፍርቂ ዋጋ ኣቦነመንት ተጠቒምካ(Halbtaxabonnement | abonnement demi-tarif) ንኣብነት ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ፍርቂ ዋጋ ኢኻ እትኸፍል። ንገሊኦን(ውሱናት) ባቡራት ወይ ኣውቶቡሳት ዝኸውን ቁጠባዊ ትኬት (Sparbillett | billet dégriffé) እውን ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ መጉዓዝያ ትኬትን ኣቦንመንት (ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት ትኬት

ባቡር ክትጥቀም(ክትጉዓዝ) እንተ ደሊኻ ቅድሚ ጉዕዞኻ ትኬት ክትዕድግ ኣሎካ። ትኬት ኣብ ባቡር ክትዕድግ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ኣውቶቡሳት ግን ካብዚ ዝተፈልየ መምርሒ(ኣሰራርሓ) ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መደበር ባቡርን ኣብ መብዛሕትኡ መጸበይ(ፌርማታ) ኣውቶቡሳትን ናይ ቲኬት ማሽናት ይርከብ እዩ ኣብ ዓበይቲ መደበራት ከኣ ሰራሕተኛታት ሸየጥቲ ቲኬት ኣለዉ ። ትኬት ብኢንተርነት ወይ ብሞባይል ተሌፎን ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ። ነቶም ብዙሕ ዝጉዓዙ ሰባት ዝተፈላለየ ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ቲኬት ኣለዎም። እዚ ከኣ ንንጽል ጉዕዞ፡ ንዝተወሰነ ቦታታት ንምጉዓዝ ወይ ንብምሉኡ መራኸቢ መጓዓዝያ ስዊዘርላንድ (Generalabonnement | Abonnement général) ክርከብ ይከኣል እዩ። ክሳዕ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ምስ ሓደ መሰነይታ ሰብ ብናጻ እዮም ዝጉዓዙ። ክሳዕ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ንኣሽቱ ደቅኹም ወይ ደቂ ደቅኹም ጁንየር ካርድ ወይ ናይ ደቂ ደቅኹም ካርድ (Junior- oder Enkelkarte | carte junior) እንተ ሃልዩዎም ምስ ወለዶም ወይ ኣቦሓጎታቶምን እኖሓጎታቶምን (ዓባዮምን) ብናጻ እዮም ዝጐዓዙ። ብዛዕባ ትኬት ኮነ ናይ ነዊሕ ግዜ ኮንትራት(ኣቦንመንት) ትኬት ካብ ፌደራላዊ መጓዓዝያ ባቡር ስዊዘርላንድ (SBB | CFF) ወይ ትካላት(ኩባንያታት) ኣውቶቡስ ሓበሬታ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ካንቶን በርን ሊበሮ (LIBERO) ማሕበር ትኬት(ታሪፍ)

ኣብ ውሽጢ ካንቶን በርን ማሕበር ትኬት(ታሪፍ) ሊበሮ ንንጽል ትኬት፡ ንነዊሕ ግዜ ኩንትራት (ኣቦንመንት) ከምኡውን ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ፍሉይ ክፍሊት ይህብ። እቲ ከባቢ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት(ዞናት) ዝተመቕለ እዩ። ንጽል ትኬት ወይ ናይ ኩንትራት (ኣቦንመንት) ትኬት ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተዓደጎ ዞን ኣብ ባቡራት ወይ ኣውቶቡሳት እዩ ዘገልግል። ዝኾነ ካብቲ ከባቢ ወጻኢ ዝጎዓዝ ካልእ ተወሳኺ ትኬት የድልዮ።

## ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት ናይ ምምሕዳር ከባቢ

ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ነዊሕ ጉዕዞ ክትገብር እንተ መዲብካ ኣብ ሓያሎ ምምሕዳራት ከተማ ብሕሱር ዋጋ ናይ ምሉእ መዓልቲ ትኬት (Gemeindetageskarte | Carte journalière "Commune") ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ለይቲ ናይ መጉዓዝያ መስመራት

ኣብ ካንቶን በርን ኣብ ቀዳመ ሰንበት ኣውቶቡሳት ወይ ባቡራት ለይቲ እውን ከይተረፈ ይጎዓዛ(ይሰርሓ) እየን። ኣስተውዕል፡ ኣብ ናይ ለይቲ መስመራት ፍሉይ መመላእታ ትኬት ክግዛእ ኣለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/mobility/train-and-bus